# ኣቦ ወንበር ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት ዕዉት ናይ ስራሕ ዑደት ናብ ኢትዮጵያ ፈጺሙ።

ኣቦ ወንበር ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት ሓው ኣንዋር ኢብራሂም ናብ ክልተ ሰሙን ዑደት ናብ ኢትዮጵያ ፈጺሙ ድሕሪ ምምላሱ ብሰንበት 15 ጥሪ 2019 ንኣባላት ማእከላይ መሪሕነት ሰልፊ ናይ ዑደቱ መብሪሂ ሂቡ። ኣቦ-ወንበር ሰልፊ ኣብቲ ናይ ክልተ ሰሙን ዑደቱ: ምስ ኣብ ኣዲስ ኣበባን ትግራይ ክልልን ዝርከቡ ኣባላትናን ዝተፈላለዩ ተቃወምቲ ሓይልታትን ቤርጌሳውያን ማሕበራትን ተራኺቡ፡ ወጺኢት ሳልሳይ ጉባኤ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት ብዝርዝር መግለጺ ሂቡ። ሓው ኣንዋር ኣተሓሒዙ፡ እቲ ምስ ካልኣይ ሽነኽ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ ዝተኻየደ ናይ ዕርቂ ፈተነ፡ ንምዕዋቱ ብሸነኽ ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት፡ ሽማግለታት ዝመስከርሉ ኩሉ ዓይነት ሕድገታት እኳ እንተገበረ ሓንቲ ኢድ ንበይና ስለ ዘይተጣቕዕ እቲ መስርሕ ናይ ሓድነት ክሳብ ሕጂ ክዕወት ከምዘይካኣለ ድሕሪ ምግላጹ፡ ሕጂ'ውን ብኣና ወገን ምእንቲ ሓድነትናን ድሕነት ህዝብናን ንዕርቂ ድልዋት ከም ምኳንና ኣረጋጊጹ ።

ኣቦ ወንበር ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ መሰረት፡ ሓው ኣንዋር ፡ ነቲ ኣብ መንጎ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝተገብረ ስምምዕ ኣመልኪቱ ንኽልቲኡ ኣህዛብ ጠቃሚ ክኸውን ሰናይ ምንዮታቱን ስክፍትኡን ገሊጹ።

ዑደት ኣቦ ወንበር ሰልፊ ድሕሪ ሳልሳይ ጉባኤ ሰልፊ ተመዲቡ እኳ እንተነበረ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ከም ዝተናወሐ ዝፍለጥ ኮይኑ፡ ኣብ መጀመሪያ ዓመት 2019 እዩ ተኻይዱ።

**ዓወት ንውጹዕ ተቃላሳይ ህዝብና: ውድቀት ንስርዓት ህግደፍን ሳዓብቱን**

**ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና !!!**

**ክፍሊ ዜናን ምንቅቃሕን**
**ሰልፊ ናህዳ ኤርትራ-መሰረት**
**15-01-2018**